# ወረቐት ምስክር ኮሮና፡ እማመ ሕጊ ምክልኻል ለብዒ ንክልወጥ

**ንወረቐት ምስክር ኮሮና ዝምልከት ኣብ ሕጊ ዝተሞርኰሱ ሕጊ ምክልኻል ለብዒ ንግዚኡ ንክልወጡ መንግስቲ ንባይቶ/ንስቱርቲንገ ሓደ እማመ ርእዩ ንክውስኖ የቕርብ። ዕላማ እዞም ሓደስቲ መምርሒታት ውሑስ መረጋገጺ ስርዓት ስነዳ ኩነተ-ክታበት ብዩንነት ድሕሪ ምሕማም ኮሮናን ውጽኢት መርመራ ንኮሮና ምርካብን ንምምስራት ኢዩ፡**

ቀጺሉ እቲ እማመ ንዝመጽእ መምርሒ ሕጊ ሕብረት ኤውሮጳ ንምጥጣሕን ከከም ኣድላይነቱ ድማ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ክንክንን ንፍቓድ ወረቐት ምስክር ኮሮና ዝምልከት ቅጥዕታት ንከስተኻኽልዎ ምሉእ ስልጣን ውክልና ንምሃብን ዝዓለመ ኢዩ።

– ከምቲ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ዝተማሕጸኑና ንማዕላ ምስከር ወረቐት ኮሮና ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝምልከት ኣብ መጀመርታ ኣብ ወግዓውያን/ህዝባውያን እንግዶታት፡ ኣብ መገሻ ዓበይቲ መራኽብ "ጥርኑፍ ዑደታትን" ዝኣመሰሉ ንክንጥቀመሉ ኢዩ። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታትን ኣብተን ካብ ናይ ሃገራዉያን ስጒምቲታት ንላዕሊ ዝተርር  ስጒምቲታት ንዘለወን ንኡሳን ዘባታት እውን ንከነውዕሎ ንሓሰበሉ ኣለና ይብል ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ወረቐት ምስክር ኮሮና ቅድሚ ሳልሳይ ጽፍሒ ዳግመ ክፍተት ኣብ ዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታትን በታታትን ኣብ ማዕላ ንክውዕልን ብደረጃ ከባቢ እውን ንክጥቀማሉ ዕድል ንምኽፋት ንዝምልከቶም ኣብያተ ጽሕፈትታት ንክሓስቡሉ መንግስቲ ሕቶኡ ኣቕሪብለን ኣሎ።

## ዳግመ-ክፍታ ብዝቐልጠፈ ንክካየድ

–ሓሳብ መንግስቲ እቲ ወረቐት ምስክር ኮሮና ሃገርና ብዘገምታን ብክንቈጻጸሮ እንኽእለሉ መንገድን ንምኽፋት ንከጣዓዕመልና ዝብል ኢዩ። ቤንት ሀይየ ብወገኑ ከም ዘገንዝቦ ንመላእ ሃገርና ብቑልጡፍ ናይ ምኽፋት ግደ እውን ክህሉዎ ይኽእል ከም ምዃኑ'ዩ።

ደረጃ ለብዒ ምስ ኣብቅዐን ኩሉ ሰብ ምስ ተኸተበን ኣድላይነት ወረቐት ምስክር ኮሮናን ካልእ ቅጥዕታትን ከብቅዕ'ዩ። ሕጋዊ መምርሒታት ሕብረተ ኤውሮጳ እውን ንድሩት እዋን ዝተሓጸረ እዩ። ነፍሰ ወከፍ ሃገር ክሳብ ምዓስ ክትክተሎ ንዝብል ድማ ባዕላ እታ ሃገር ኢያ ትውስን።

– ቀዳማይቲ ኣብነት ወረቐት ምስክር ኮሮና ድሮ ኣብ መርበብ ሓበሬታ helsenorge.no ንማዕላ ቀሪቡ ኣሎ። እታ ወረቐት ምስክር ውጽኢት መረመራ ኮሮናን ክታበት ተኸቲብካ ዶ ኣይተኸተብካን ዘርኢ ኢዩ። ኣብ ምምዕባል ብምሀላው ምስ ወረቐት ምስክር ኮሮና መምርሒታት ሕጊ ሕብረት ኤውሮጳ ንምቅዳው እውን ይሰርሓሉ ኣሎ። ከምኡ እውን እዚ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣብ ማዕላ ውሽጢ ሃገር ይኹን ኣብ ወጻእ ሃገር ንኣገልግሎት ክጠቅም ግድን ኢዩ ይብል ቤንት ሀይየ።

## ዘተ እማመ ምስክር

ብዕለት 5 ግምበት 2021 ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ክንክንን ሓደ ሓድሽን ግዝያውን ዝኾነ ኣብ ምክልኻል ለብዒ ምዕራፍ 4ሀ ንዝኣቱ ሕጊ ከም እማመ ዘተ ንባይቶ ሰዲዱ ኔሩ። ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ክንክንን ብጠቕላላ 10 572 ዝኾኑ ሓሳባትን ቃላትን ካብ ዝሃቡ ተቐቢሉ። ብምሉኦም

ከኣ ተነቢቦም፡ እቶም ዝቐረቡ ርእይቶታት ከኣ ኣብቲ ናይ ኣብያተ ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ክንክንን ግምገማታት ብምስትንታን ቀሪቦም ኣሎው።

ወረቐት ምስክር ኮሮና ልዑል ንጥፈታት ክፈጥር ክኢሉ'ዩ፡ ንክተኣታቶን ከይተኣታቶን ዝብል እውን ሓያሎ ዘይምቅዳዋት ክፈጥር ክኢሉ ኣሎ። ገሊኦም ንሃገርና ዳግም ንምኽፋት ኣብ እነካይደሉ መስርሕ ከም ጠቓምን ምኹኑይን ብምቑጻር ከም ኣድላዪ መሳርሒ ሓንጎፋይ ኢሎም ክቕበልዎ እንከለው፡ ገሊኦም ከኣ ንሕብረተሰብና ከም ኣስጋኢ ኢዮም ዝርእይዎ። መንግስታውያን ኣብያተጽሕፈታትን ዓበይቲ ውድባትን ግና ንርእይቶ ወረቐት ምስክር ኮሮና ኣይጸልእዎን። ገለ ገለ ክኢላታት ሕጊ ሰበ-ዩኒቬሪሲታት ሕጋዊ ሸነኻቱ ኣየማልአን ኣሎ ብሃልቲ እዮም። ከባቢ 10 500 ውልቃውያን ሰባት ሓሳባቶምን ቃላቶምን ኣስሚዖም ኣለው። መብዛሕቲኦም ካብዚኣቶም ኣብ ወረቐት ምስክር ኮሮና ዘለዎም ኣረኣእያ ከኣ ነቐፌታዊ ኢዩ።

እቲ ዘተ እማመ ኣብዚ ክንበብ ይከኣል:
[ዘተ ወረቐት ምስከር ኮርና- Høring om koronasertifikat - ምቅይያር ሕጊ ምክልኻል ለብዒ endringer i smittevernloven - regjeringen.no]